# ምዕራፍ ፭

## ብዛዕባ ንርእሰኻ ምፍላጥ

፩፡ ፍልጠትን ጸጋን ኣብ ነፍስና ስለ ዝጐደለና ኣብ ርእስና ብዙኅ እምነት ክሳኅድር ኣይኻኽእልን ኢና።

፪፡ ኣባና ቁሩብ ብርሃን ኣሎ። ነዚ ከዓ ቀልጢፍና ብሸለልትነትና ነጥፍኦ ኢና።

፫፡ ብውሽጥና ክንደይ ዕውራት ከምዝኾንና ብዙኅ ኣይርድኣናን እዩ።

፬፡ ብዙኅ ጊዜ ክፉእ ነገር ንገብር፡ ዝገደደ ከዓ ነቲ ክፍኣትና ነመኽንየሉ።

፭፡ ብዙኅ ጊዜ ነቲ ብክፉእ ሃረርታ ተለዓዒልና እንገብሮ ብመንፈሳዊ ቅንኣት ዝገበርናዮ ኮይኑ ይስምዓና።

፮፡ ንካልኦት ብናኣሽቱ ጉድልነቶም ንወቕሶም፡ ነቲ ኣባና ዘሎ ዝዓበየ ግና ሸለል ንብሎ።

፯፡ እቲ ንካልኦት እንዕገሶም ብኡንብኡ ከቢዱ ይስም ዓና፡ እቲ ካልኦት ንኣና ዝዕገሡና ግና ኣይነስ ተውዕለሉን።



፰፡ ሰብ ንጕድልነቱ ኣጸቢቑን ብቕንዕናን እንተዝፈርድ ንኻልኦት ኣምሪሩ ኪወቅስ ኣይምተረኽበን።

፱፡ መንፈሳዊ ሰብ ቅድሚ ኵሉ ናይ ርእሱ ምምሕያሽ የቐድም፡ መጠን ንርእሱ ዝመርመሮ መጠኑ ብዛዕባ ካልኦት ብቐሊል ነገር ኪሓሚ ኣይደፍርን።

፲፡ ንኻልኦት ምሕማይ ኃዲግካ ኣዕሚቍካ ንርእሰኻ እንተ ዘይመርሚርካ ውሽጣውን መንፈሳውን ክትከውን እኳ ኣይትኽእልን ኢኻ።

፲፩፡ ብኵልንተናኻ ንርእሰኻን ንእግዚኣብሔርን ጥራሕ እንተ ትሓስብ እቲ ካብኻ ወጻኢ እትርእዮ ነገራት ብዙኅ ኬገድሰካን ኪህውኸካን ኣይምኽኣለን።

፲፪፡ ምስ ርእሰኻ እንተዘየሎኻ ኣበይ ኣሎኻ ማለት እዩ። ንርእሰኻ ሸለል ኢልካ ንኵሉ ነገራት ብዓ ይኒ ኀሊና በብሓደ እንተሓለፍካዮ ንርእሰኻ ግና ሸለል እንተበልካዮ እንታይ ይጠቕመካ?

፲፫፡ ኡነተይና ሰላም ክትረክብን ምስ ኣምላኽ ብሓቂ ክትውህሃድን እንተደሊኻ ንኵሉ ኃዲግካ ንርእሰኻ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ግበር።

፲፬፡ ስለ'ዚ ካብ ሓልዮት ሥጋ ዘበለ ኲሉ ናጻ
ኮይንካ እንተነበርካ ብሓቂ ብመንፈሳውነት
ክትምሓየሽ ኢኻ።

፲፭፡ ንጥቕሚ ሥጋ ኢልካ ሓደ ነገር እንተ ገቢርካ
ግና ብመንፈሳውነትካ ብዙኅ ክትጉዳእ ኢኻ።

፲፮፡ ንእግዚኣብሔር በይኑን እቲ ንኣኡ ዝርኢ ነገርን
እንተዘይኮይኑ ካልእ ዓብይ ኮነ ልዑል ወይ ሓደ
ደስ ዘብል ወይ ተፈታዊ ነገር ኪህውኸካ የብሉን።

፲፯፡ ካብ ፍጡራት ዚመጽእ ዝኾነ ይኹን ምጽንናዕ
ኲሉ ከም ከንቱ ገይርካ ሕሰቦ።

፲፰፡ እታ ንእግዚኣብሔር እትፈቱ ነፍሲ ንኣኡ
ጥራሕ ስለእተፍቅር ነቲ ኲሉ ካብ ኣምላኽ
ንታሕቲ ዘሎ ነገራት ኲሉ ትንዕቆ እያ።

፲፱፡ ንልቢ ኬጸናንዓ ዚኽእል፡ ንልቢ'ውን ኡነተይና
ታሕጓስ ዚህባ፡ እቲ ንዘለዓለም ዚነብር ወሠን
ዘይብሉ፡ ንኲሉ ዚመልእ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ።